ለጎ

## ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ ትግራይ

ቢሮ ትምህርቲ ቢሮ ጥዕና ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣነስትዮ

# ግደ ወለዲ ኣብ ምንቕቓሕ ብስለት ኣእምሮ ህፃናትን

### ንመምህራን፣ ሰራሕተኛታት ትካላት ሓብሐብቲ ህፃናትን ወለድን ንምይይጥ ዝተዳለወ ጥራዝ መሰልጠኒ

2012 ዓ.ም

## ተርጎምትን ኣስማዕማዕትን

1. ኣይተ ኣስመላሽ ባራኺ
2. ኣይተ ኣሰገደ ኣሳሂል
3. ኣይተ ስዩም ሓጐስ

# ግደ ወለዲ ኣብ ምንቕቓሕ ብስለት ኣእምሮ ህፃናትን

## ትሕዝቶ

**ርእሲ** **ገጽ**

**ሓፈሻዊ መምርሒ እዚ ስልጠና** .......... 4
ንውላዶም እንታይ እናገበሩ እዮም? .......... 6
ተግባራዊ ልምምድ .......... 7
**ቁልፊ መልእኽትታት** .......... 9
**ንመሳለጥቲ ዝቀረበ ተወሳኺ ሓበሬታ** .......... 10
**ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ከመይ ምምዕባል ይከኣል?** .......... 12
ተግባራዊ ልምምድ፡ .......... 13
ቁልፊ መልእኽትታት .......... 15
**ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ** .......... 17

# ሓፈሻዊ መምርሒ እዚ ስልጠና

**ዓላማ ስልጠና፡** ድሕሪ እዚ ስልጠና ወለዲ/መዕበይቲ ዕብየት ብስለት አእምሮ ህፃናት ከመይ ከምዝምዕብል ይርድኡ፡፡

**ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና**

ኣብ ስልጠና ተሳተፍቲ ክኾኑ ትፅቢት ዝግበሎም ኣካላት መምህራን፣ ህፃናት ኣብ ምክንኻን ዝሳተፉ ትካላት ዝሰሑ ሰራሕተኛታት፣ ወለዲ/ መዕበይቲ እዮም፡፡

**ክለሳ ሕሉፍ ምይይጥ**

ሕድሕድ ሰልጣኒ ኣብ ሕሉፍ ዝተምሃሮም ንምዝኽኻር ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ክልተ ተሳተፍቲ ኣብ ሕሉፍ ምይይጥ ዝተልዓሉ ቁም ነገራት ቅድሚ ዕለታዊ ትምህርቲ ምጅማሩ ከቕርቡ ምግባር፣ ንኣብነት፡-

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ዛዕባታት እንታይን እንታይን ነይሮም?
2. ኣብ ሕሉፍ ካብ ዝተመያየጥናሎም ርእሰ ጉዳያት ኣብ ገዛኹም ምስ ደቅኹም እንታይ ገይርኹም? ዘጋጠመኩም ፀገም ኣሎ ዶ?
3. ሕሉፍ ትምህርቲኹም ንንራብትኹም ኣካፊልኩም ዶ?

**ተፍተሽ ቅድመን ድህረ ስልጠና**

ሕድሕድ ክፋል ስልጠና ቅድሚ ምጅማሩ ንተሳተፍቲ ተፍተሽ ቅድመ ስልጠና ይወሃቦም፡፡ ኣብቲ ስልጠና ዝረኸብዎ ፍልጠት ንምግምጋም ድማ ተፍታሽ ድህረ-ስልጠና ኣብ ኣብ ሕድሕድ መወዳእታ ምዕራፍ ይወሃብ፡፡

**ሓፈሻዊ ስሪት እቲ ስልጠና፤**

ፈላማይ መዓልቲ እቲ ስልጠና ዝስዕቡ ስሪታት ንትሳተፍቲ ሓበሬታ ምሃብ፣

- ኣቀማምጣ ሰልጠንቲ ፍርቂ ክቢ ወይ "ሀ" ክኸዉን ከምዝኽእል ምሕባር፣
- መሳለጥትን ተሳተፍትን ነኒ ባዕሎም ክላለዩ ምግባር፣
- ሰዓት ምኽባር
- ኣብ እዋን ስልጠና ሞባይል ስልኪ ምዕፃው/ኣልቦ ድምፂ ምግባር፣
- ኣብ ሕድሕድ ክፍለ ግዘ ስልጠና ብስዓትካ ምርካብ፣

- ውዑይ ተሳትፎ ምግባር፣
- ሓሳብ ካልኦት ሰባት ምኽባር፣
- ዕብረቓ ዘቕርብ ሰብ ኣብ ሕድሕድ መዓልቲ ቅድሚ ስልጠና ምጅማሩ ኣብ ሕሉፍ ዝተምሃርዎም ትምህርቲ ኣመልኪቶም ንተሳተፍቲ ንምዝኽኻር ሓፂር ገለፃ/ዕብረቓ/ ዝገብሩ ክልተ ሰባት ምምራፅ፣ ንመቕረብቲ 5 ደቒቓ ምሃብ፣
- ምትዕርራይ ኣብ መጀመርታ መዓልቲ 10 ደቒቓ መሰልጠንቲ መሰልጠኒ ቦታ የተዓራርዩ፡፡
- ተቖፃፃሪ ሰዓት ምምራፅ፣

## ንስልጠና ዘድልዩ ናውትታት

- ብብርኪ ዕድመ ህፃናት ዝተዳለዉ ዛንታታት ወይ መፃሕፍቲ ታሪኽን ስእልታትን
- ረብሓ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ ዘርኢ ስእላዊ መግለፂ/ቢል ቦርድ/
- ተተኻኢሉ ኤል ሲ ዲ ፕሮጀክተርን ኮምፒውተርን
- ፅሩይ ፃዕዳ ወይ ፀሊም ሰሌዳ፣ ፍሊፕ ቻርት
- ማርከር
- ስእክርቢቶን ደፍተርን
- በረርቲ ፅሑፋት ወዘተ.

# ግደ ወለዲ ኣብ ምንቕቓሕ ብስለት ኣእምሮ ህፃናት

## እዋን ምይይጥ 1

## ንውላዶም እንታይ እናገበሩ እዮም?

**ዝተመደበ ግዜ፡ ስድሳ ደቒቃ**

| |
|---|
| ***መሳለጥቲ***<br>*ካብዚ ንታሕቲ ዝቀረቡ መበገሲ ነጥብታት ኣንብቡ፡፡ ከምኡዉን ዝበለፀን ዝሰፍሐን ሓበሬታ ዝርከበሉ ኣብዚ ምይይጥ መወዳእታ ክፋል ንመመያየጢ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝብል ስለ ዘሎ ብዝግባእ ፈትሹ፡፡* |

**መሳለጥቲ ቅድሚ ምይይጥ ከንብብዎ ዝግባእ ጠቃሚ ነጥቢ/መዘከር**

ብስለት ኣእምሮ ማለት ነገራት ብኣካላት ስምዒትና ኣሰተውዒልና፣ ብኣእምሮና ተገንዚብና ምርዳእ፣ ትኹረት ምግባር፤ ምዝካር፤ ፍለጠት ቁፅሪ፣ ፍልጠት ቃላት፣ ዝርኣኣኻዮ ምትግባር፣ ዝሰማዕኻዮ ምዝራብ፣ ክእለት ኣዘራርባ፣ ምፍጣር ሓደሽቲ ነገርት፣ ፀገም ፈታሓይነት፣ ናውትታት ብቕራርፂ፣ ብመጠን፣ ብሕብሪ፣ ወዘተ፣ ምፍላይ ምኽኣል፣ ኣንፈት ምሕባር ምኽኣልን ምፍላጥን፣ ዓራርስኻ ምሕላው ክእለት የመላኽት/የርኢ፡፡

ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ብሓደ ይኹን ብኻሊእ መልክዕ ኩለንተናው ዕብየት ሕድሕድ ሰብ ብእወንታዊ ኰነ ኣሉታዊ መልክዑ ፅዕንቶ የሕድር እዩ፡፡ ዝሓሻ ብስለት ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ዝሓሸ ነገር ዐቕሚ ምፍጣሮም ይምዕብል፡፡ ካባቢኻ ምፍታሽ፣ ፀዋታ፣ ምዕባለ ቋንቋ፣ ብርኪ ምዕባለታት ማሕበራርውን ስምዒታውን ኣብ ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ይውስኑ፡፡ ስለዚ ምዕባለ ብስለት ኣእምሮ ንካልኦት ብዙሓት ዘርፍታት ምዕባለ ዝሓሸ ኰይንኻ ምራርካብ ወሳኒ እዩ፡፡

ኣብ እዋን ቁልዕነት ኣእምሮ ብልዑል ብርኪ ዝምዕብለሉ እንትኸውን ህፃናት ኣብ ዙርያኦም ምስ ዘለዉ ነገራት ራርክብ ፈጢሮም ንነገራት ምርዳእ ምፍፃምን ሓደሽቲ ነገራት ምፍጣርን ንዚጋጥምዎም ፀገማት ክእለት ምፍታሕን ካልኦት ንብስለት ኣእምሮ ወሰንቲ ዝኾኑ ክእለታት ዝምዕብልሉ እዋን እዩ፡፡

## ክለሳ መርሃ ግብሪ ሕሉፍ ምይይጥ (ኣምስት ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ክልተ ተሳተፍቲ ካብ ሕሉፍ ምይይጥ ዋና ዋና ዝብሃሉ ፍረ ሓሳባት ክቅርቡ ሕተቱ፡፡

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይን እንታይን ነይሮም?
2. ሕሉፍ ትምህርቲ በኣብ ከባቢ'ኹም ወይ ኣብ ስራሕ ቦታ'ኹም ዝርከቡ ሰባት ኣካፊልኩም ዶ?

**መሳለጥቲ**

ዕላማታት ኣብራህርህሎም፡፡

**ዕላማ ምይይጥ፡-** ወለዲ/መዕበይቲ ድሕሪ እዚ ምይይጥ፡-

- ኩሉ ግዜ ኣብ ገዝኦም ብዛዕባ ዝፍፅሞም ተግባራት ብዕሊ ይፈልዩ፡፡
- ምስ ደቆም ዝገብራርዎም ፀወታታትን ካልኦት ምንቅስቓሳትን ንብስለት ኣእምሮ ዘለዎ ረብሓ ይፈልዩ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ፡ ዕዮ ጉጅለ (ሰላሳ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ሓደ ወለዲ/ተሳታፊ ብምምራርፅ ካብዚ ንታሕቲ ዝቐረበ ሕቶ ብምሕታት ሪኢቶኡ ክገልፅ ምግባር፡፡

> *ምስ ደቅኹም ብዛዕባ ትገብርዎ ነገራትን ደቅኹም በይኖም ዝፍፅምዎም ነገራት ምፍላጥኩም ብዛዕበ ደቅኹም ዘለኩም ኣፍልጦ ዘዕቢ/ዘመሓይሽ ዶ ይመስለኩም? ዕብየት ደቅኹም ክ ዘቀላጥፍ ዶ ይመስለኩም? ንምንታይ?*

ኩሎም ወለዲ ኰነ ኢሎም ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ደቆም ንምምዕባል ዝተተለመ ተግባራት ዋላ ኣይፈፅሙ ማዕልታዊ ምስ ደቆም ዝህልዎም መስተጋብርን ዝሰርሕዎም ስራሕትን ንምዕባለ ብስለት አእምሮ ልዑል ግደ ይፃወት እዩ፡፡ ህፃናት ኣብ መዓልታዊ ምንቅስቓስ ህይወቶም ዝፍፅምዎም ተግባራትን ዝረኽብዎም ሓበሬታትን ግንዛበኦምን ክእለታቶምን ብምምዕባል ብስለት ኣእምሮኦም እናተመሓየሸ ክኸይድ ይገብሮም፡፡ ኣብ ናይ ሎሚ ምይይጥና ኣብ ገዛና እንፍፅሞም ተግባራት ብመጠኑ ክንርኢ ኢና፡፡

**መሳለጥቲ**

ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ብምምዳብ ዝስዕቡ ክልተ ሕቶታት ክምልሱ ምደላው ክገብሩ ምዝራብ፡፡ኩሎም ጉጅለታት ጥማር ሓሳብ ጉጅለኦም ዝፅሕፍን ዘቕርብን ሰብ ክመርፁ ከምዘለዎም ምዝርብ፡፡

## ጉጅለ ምይይጥ

1. በቢ ዕለቱ ንደቕኹም ትገብርሎም ነገራት ዘርዝሩ፡፡ ደቕኹም ኣብ ገዛ ንበይኖምን ምስ ካልኦት ሰባት እንትኾኑን በቢ መዓልቱ ዝፍፅምዎም ተግባራርት ግለፁ፡፡

2. ንሕቶ ሓድ ካብ ዝተውሃበ መልሲ ማእኸል ብስለት ኣእሞሮ ህፃናት ዘዕብዩ ፍለዩ፡፡ ማለት፡- ክእለት ምራርዳእ፣ ደረጃ ትኹረቶም፣ ብዛዕባ ፍልጠት ቁፅራርን ቃላትን፣ ክእለት ኣዘራርባኦም፣ ፀገም ፈታሓይነቶም፣ ክእለት ምዝካሮም፣ ናይ ምስላሕ ዓቕሞም፣ ዐቕሚ ምፍላይ ቅርፂ፣ መጠን፣ ሕብርን፣ ወዘተ፣ ክፈልዩ ዕድል ዝፈጥሩ ተግባራት ምህላዎምን ምፍላዮምን ንምጥቓስ እዩ፡፡

## ሓበራዊ ምይይጥ፡

**መሳለጥቲ**

ሕድሕድ ጉጅለ ዝተመያየጥሉ ሓሳብ ብዝመረፅዎም መራሒቲ ጉጅለ ኣቢሎም ኣብ ውሽጢ 5 ደቒቓ ሓሳቦም ከቕርቡ ይግብኦም፡፡ ሕድሕድ ኣቕራቢ እንትውድእ ኣባላት እቲ ጉጅለ ይኹኑ ኣባላት ካልኦት ጉጅለ ሕቶን ሪኢቶን እንተልይዎም ከቕርቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን፡፡ መሳለጥቲ ንምጥቕላል ወይ ተወሳኺ ሓሳብ ንምሃብን ቅድሚ ምፍታና ጉጅለታት ሓሳብ ኣብ ዘቕባሉ እዋን ኣብ መዘክርኩም ዝተፈላለዩ ቁም ነገራት እናተሓዝኩም ምኻድን ኣብ መወዳእታ ሃናፃይ ርኢቶ ምሃብ የድሊ እዩ፡፡

## ተፍተሻ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ንተፍተሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብቲ ውዕልኦም እንታይ ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም ዝቀርቡ እንበር ፈተና ዘይምዃኖም ወለዲ ክግለፀሎም ይግባእ፡፡ ክልተ ፈቓደኛታት ዝኾኑ ተሳተፍቲ ኣብ እዋን ምይይጦም ዝተልዓሉ ዋና ዋና ሓሳባት ከዘኻኽሩን ክገልፁን ምሕታት፡፡ መሳለጥቲ ኣብቲ ተሳተፍቲ ዘልዐልዎ ሓሳብ ተወሳኺ ሪኢቶ ይሃቡ፡፡

## ቁልፊ መልእኽትታት(ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ቁልፊ መልእኽትታት የንብብሎም፡፡

- ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ማለት ሓደ ሰብ ንነገራት ብዝሓሸ መልክዑ እንትራርዳእ፣ እንትሰርሕን ሓደሽቲ ነገራት ምፈጣር ምኽኣልን ዘካተተ እዩ፡፡
- ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ኣብ ከይዲ ዝምዕብል እዩ፡፡
- ኩሎም ህፃናት ብዝተደለየ መንገዲ ንምምዕባል ዘኽእል ውህሉል ዓቕሚ ኣለዎም፡፡ ይሁን እንበር ዝራርድእሉን ዝትግብርሉን ደረጃ ክፈላለይ ይኽእል፡፡ ኣብ ገዛን ከባቢ ገዘን ዘለዉ ነገራርት ክእለት ፈጠራር ህፃናት ንምምዕባል ወሳኒ ግደ ይፃወት እዩ፡፡
- ዕብየት ኣእምሮ ንምምዕባል ብስለት አእምሮ ዓብዪ ግደ ኣለዎ፡፡ ብስለት አእምሮ እዉን ዝኾነ ሰብ ዝፍፅሞም ተግባራት ንምምዕባል ብስለት አእምሮ ቁልፍ ግደ ይፃወቱ፡፡
- ልዑል ብስለት ኣእምሮ ዝካየደሉ ብርኪ ዕድመ ኣብ ፈላማይ ቁልዕንት ውሑድ ዓመታት እዩ፡፡
- ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ከባቢኦም ብምድህሳስ፣ ብፀወታን ነገራት ኣምሲልካ ብምስራሕን ይምዕብል፡፡

## መጠቓለልን ዕዮ ገዛን(ኣርባዕተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ኣብዚ ናይ ሎሚ ምይይጥ ወለዲ በቢ መዓልቱ ምስ ደቆም ዝፍፅምዎም ተግባራት ከምኡዉን ንዕብየት ብስለት ኣእምሮ ዝጠቕሙ ነገራት ከምዝተመያየጡ ምዝኽኻር፡፡ ወለዲ ኣብዚ ምይይጥ ዝረኸብዎ ሓሳብ ንኮራብቶም ከካፍሉ ሓበሬታ ምሃብ፡፡ ብምቅፃል ወለዲ ምስ ደቆምን በይኖምን ይፍፅምዎም እዮም ኢልኩም ዝዘርዘርኩምዎም ተግባራት ናብ ገዛ ኣብ ትምለስሉ እዋን ንደቅኹም ብትኹረት ብምክትታል ክክልስዎ ምዝራብ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናትን ዘነቓቕሑ ነገራት ብዛዕባ ዝህልዎም ግቡእ ምልከታ ኣካይዶም ኣብ ዝቕፅል ምይይጥ ከልዕልዎ ምዝኽኻር፡፡

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ ኣብ ውዕሎኦም ንዝነበሮም ተሳትፎ ምምስጋን የድሊ፡፡

## መዘክር መሳለጥቲ

| **መሳለጥቲ** |
| --- |
| ኣብ መወዳእታ እቲ ምይይጥ መዘክር ምትሓዝ መሰረታዊ ነገር እዩ፡፡ ንምይይጥ ዝገብርዎ ምድላውን ኣብ እዋን ምይይጥ ጉልህ ኢሎም ዝወፅኡ ሓሳባት ኣብቲ ምዕራፍ ክካተቱ ወይ ክድገሙ ዝግብኦም ፍረ ሓሳባት መዝጊብካ ምትሓዝ፡፡ እዞም ፍረ ሓሳባት እዚ ሰነድ ንቕድሚት ኣብ ምምሕያሽ ልዑል ግደ ስለዘለዎም ትኹረት ሂብካ ምፅሓፍ የድሊ፡፡ ------------------------------------------------------------------------------------------- |

# ንመሳለጥቲ ዝቀረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### ዕብየት ብስለት ኣእምሮ

ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ንነገራት ምርዳእ፣ ምስራርሕ፣ ምፍጣር ሓደሽቲ ነገራት ንዘጋጥሙ ፀገማት ምፍታሕን ምስላሕ ምኽኣልን ዘካተተ ዘርፊ እዩ፡፡ ከይዲ ዕብየት ብስለት ኣእምሮዊ ህፃናት ካብ ዝሕብሩ ተግባራት ማእኸል እቶም ዝተወሰኑ፡-

- ዝርእይዎ ነገር ምርዳእ፣
- ሓደ ነገር ምስ ካሊእ ምፍላይ ምኽኣል፣
- ዝርኣይውን ዝተረድእዎም ነገራት ምዝካር ምኽኣል፣
- ነገራት ንምንታይ ከምዝፍፀሙ ምፍላጥ፣
- ስልሒታት ምስላሕ/ምግባጥ
- ነገራርት ምፍፃምን ዘይምፍፃምን ዘምፅእዎ ረብሓን ሳዕቤን ምፍላይ፣
- ንዘጋጥሙ ፀገማት ምፍታሕ ምኽኣል፣
- ንነገራርት ፈጠራዊ ብዝኾነ መልክዑ ምስራሕምኽኣል፣
- ምስ ኩነታት ንባዕልካ ምስምዕማዕ ምኽኣል፣

ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ብሓደ ይኹን ብኻሊእ መልክዑ ናይ ሕድሕድ ሰብ ሁለንተናዊ ዕብየት ብእወንታውን ኣሉታውን መልክዑ ፅዕንቶ የገብር፡፡ ዝሓሻ ብስለት ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ዝሐሸ ነገር ዐቕሚ ምፍጣሮም ይምዕብል፡፡ ካባቢኻ ምፍታሽ፣ ፀዋታ፣ ምዕባለ ቋንቋ፣ ብርኪ ምዕባለታት ማሕበራርውን ስምዒታውን ኣብ ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ይውስኑ፡፡ ስለዚ ምዕባለ ብስለት ኣእምሮ ንካልኦት ብዙሓት ዘርፍታት ምዕባለ ዝሐሸ ኩይንኻ ምራርካብ ወሳኒ እዩ፡፡

ኣብ እዋን ቁልዕነት ኣእምሮ ብልዑል ብርኪ ዝምዕብለሉ እንትኽውን ህፃናት ኣብ ዙርያኦም ምስ ዘለዉ ነገራት ራርክብ ፈጢሮም ንነገራት ምርዳእ ምፍፃምን ሓደሽቲ

ነገራት ምፍጣርን ንዘ,ጋጥምዎም ፀገማት ክእለት ምፍታሕን ካልኦት ንብስለት ኣእምሮ ወሰንቲ ዝኾኑ ክእለታት ዝምዕብልሉ እዋን እዩ፡፡

ህፃናት ዝስዕቡ ተግባራት እንፍፅሙ ብስለት ኣእምሮኦም ከምዝምዕብል ዝእመነሎም እንትኾኑ ንመርኣያ ካብ ዝቐረቡ ገሊኦም፣

- ከባቢኦም ብንቕሓትን ድሌትን እንትድህስሱ፣
- ነገራት ብፀወታን ብምፍታሽን ምምሃራር እንትኽእሉ፣
- ከባቢኦም ብንቕሓት እንትሕልዉን ዝራርኣይዎ ኣምሲሎም እንትትግብሩን
- ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ዘጓንፍዎም ጥቕምታትን ዕላማታትን ምርዳእ እንትኽእሉ፣
- ሓድነትን ፍልልይን ነገራርሩት ምፍላይ እንትኽእሉ፣
- ብክለተን ሰለስተን ዝተፈላለዩ ባህርያት ምኽንያት ንነገራት ምምዳብ እንትኽእሉ፣ (ንኣብነት፡ መፃወቲ በሪ፣ ብሕብሩ፣ ብቑመቱ)
- ውፅኢት ቅደም ስዓብ ነገራት ምግማት እንትኽእሉ፣

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ተግባራት መብዛሕቲኦም ህፃናት ዝትግበሩዎም ተግባራት ዋላ እነተኾኑ ወለዲ ሓደጋ ከይበፅሖም ብምባል ኣይድግፍዎምን፡፡ እዚ ድማ ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ከሳልጡ ዝኽእሉ ኣጋጣሚታት ኣብ ዝሐሸ ብርኪ ክበፅሑ ዝኽእሉ ህፃናት ናብ ድሕሪት ይጕቶም፡፡ ብኻሊእ መልክዑ ምምዕባል ብስለት አእምሮ ህፃናት ንምቅልጣፍ ዝስዕቡ ፅቡቕ ተግባራት ኣብ መብዛሕቲኦም ወለዲ እንፍፀም ስለዝራርሩአ ንትምህራርሩቲ ክኾኑ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለዉ፡፡

- ክፍሊ ኣካል ሰውነቶም ክፅውዑ ምሕታት
- ልሙዳት ናውቲ ገዛ ዝኾኑ ከምፅኡ ምሕታት፣ **ኣብነት**፡- ማንካ ኣምፅእ/ኢ፣ ኩባያ ኣምፅኢ/እ፣ እቲ ሽሓኒ ኣብ ጠረጴዛ አቀምጦ/ጢዮ ወዘተ.
- ምክንያታዊ ምላሻትን ሓሳባትን ህፃናት ምብርትታዕ፣ **ንኣብነት፡-** ንምንታይ ጫማ ገይርኻ/ኺ? ብርጭቆው ካብ ጠረጴዛ እንተወዲቑ እንታይ ይኸውን?
- ነገራት ከነፃፅሩ ምሕታት **ንኣብነት፡-** ካብ በርህ ንስኻን/ኺን መን ይነውሕ/ረጕድ?
- ንምምዕባል ፍልጠት ቁፅሪ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ምሕታት **ኣብነት፡-** ክንደይ ዓይኒ ኣለካ/ኪ? ኣብ ፀጋማይ ኢድካ/ኪ ክንደይ ኣፃብዕቲ ኣለዋ?

ዕብየት ስለት ኣእምሮ ደረጃ ብደረጃ ዝዓቢ እንትኾን ወለዲ ድሌት ህፃናት ብምርኣይ ከማዕብልሎም ይግባእ፡፡ ካብ ሓደ ወርሒ ንላዕሊ ንዘለዉ ህፃናት ደረጃ ብደረጃ ብስለት ኣእምሮኦም ንምምዕባል ዝስዕቡ ተግባራት ወለዲ እንትተግቢሮምዎ ውፅኢታዊ ከምዝኸውን ይእመን፡፡

- ኣብ ዙራርሩያ ህፃናት ዓበይትን ድሙቓት ነገራት ምቀማጥ፣
- ህፃናቱ ንዘውፅእዎ ድምፂ ክደግምዎን ዝኾነ ምላሽ እንትህቡ ብፍሽኽታ ምብርትታዕ፣

- ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ነገራት ከዛምዱ ምግባር፣
- ትማሊ ቅድሚ ስዓት እንታይ ከምዝበልዑ፣ ክዳን ከምዝተኸደኑ ዛመሰሉ ሕቶታት ብምሕታት ክእለት ምዝካሮም ክዓቢ ምግባር፣
- ሓዘርቲ ዛንታታት ብምዝንታው ቀጺሉ ዝመፅፍ ፍፃመ እንታይ ከምዝኾነ ክግምቱ/ክትንብዩ ምብርትታዕ፣
- ሕንቅል ሕንቅሊተይ ወይ እንካ ኣዝግፃወቱ ምግባር፣

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተገለፁ መርኣያ ተግባራት ብተወሳኺ ኣብ ምምዕባል ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ካልኦት ምቹው ኩነታት ምፍጣር ወሳኒ ነገር እዩ፡፡ **ንኣብነት፡-**

- ገዛ ካብ ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት ነፃ ምግባር፣(ገመድ ኤሌክትሪክ ፣ መድሓኒታትን ካልኦት ነገራትን)
- ድልየት ደቅኹም ብትኹረት ብምክትታል ኣድላዪ ሓገዝ ምግባር፣ (መፃቲ ምሃብ፣ ምስ ህፃናት ሓቢርካ ምፅዋት፣ ዛንታ ምዝነታው…)
- በቢ መዓልቲ እትፍፅምዎም ተግባራት ንደቅኹም ቅልል ብዝበለ ቋንቋ ምዝራብ፣
- ረብሓን ኣሰራርሓን (ኩባያ፣ ጫማ፣ ኣልጋ …) ምሕታትን ምዝራብን፣
- ህፃናቱ ቴሌቪዥን እናርአዩ ግዚኦም ካብ ዘጥፍኡ ምስ ወለዶም ወይ ምስ ኣሕዋቶም ክፃወቱ ምግባር፣
- ህፃናት ተኸታታልነት ዘለዎም ነገራት ኣብ ዝፍፅምሉ እዋን ምስ ኣኹም ክኾኑ ምግባር፣ ቀፂሉ ዝፍፀም ነገር ክትንብዩ ዕድል ምሃብ፣

# ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ከመይ ምምዕባል ይክኣል?

## እዋን ምይይጥ 2

**ዝተመደበ ግዜ፡ ስልሳ ደቒቓ/60/**

| |
|---|
| ***መሳለጥቲ*** <br> *ካብዚ ንታሕቲ ዝቐቡ መበገሲ ሓሳባት ኣንብቡ፡፡ ከምኡዉን ዝተብራህረሀ መረዳእታ ዝርከበሉ ክፋል ምይይጥ ተወሳኺ ሓሳብ ንመሳለጥቲ ዝብል ሓሳብ ኣብ መወዳእታ ብዝግባእ ኣንብብኦም፡፡* |

***መሳለጥቲ ቅድሚ ምይይጥ ከንብብዎም ዝግባእ ጠቐምቲ መዘክራት***

*ዕብየት ብሰለት ኣእምሮ ህፃናት ደረጃ ብደረጃ ዝምዕብል እምበር ብሓደ ግዘን ሃንደበትን ዝመፅእ/ዝርአ ፍፃመ ኣይኰነን፡፡ ድጋፍ ወለዲ/መዕበይቲ ንብስለት ኣእምሮ ህፃናት ልዑል ግደ ይፃወት፡፡ ህፃናት ንነገራት ብፀወታን ብምዝንጋዕን ብዝበለፀ ስለዝርድኡ ወለዲ/መዕበይቲ ክፃወቱን ክዘናግዑን ብምግባ ዕብየት ኣእሞም ልዑል ክኸውን ክድግፍዎም ይግባእ፡፡ እዚ ዕብየት ካብ ማህፀን ጀሚሩ ዘየቋርፅ ከይዱ እዩ፡፡*

## ክለሳ መርሀ ግብር ሕሉፍ ምይይጥ (ሓሙሽተ ደቒቃ)

| **መሳለጥቲ** |
| --- |
| ሰለስተ ተሳተፍቲ ካብ ሕለፍ ምይይጥ ዋና ዋና ዝኾኑ ሓሳባት ከዘኻኽሩ ይሕተቱ፡፡ |

1. ኣብ ሕሉፍ ዝተመያየጥናሎም ነገራት እንታይን እንታይን ነይሮም?

2. ሕሉፍ ትምህርቲ በኣብ ከባቢኹም ወይ ኣብ ስራሕ ቦታኹም ንዝርከቡ ሰባት ኣካፊልኩም ዶ?

**ዕላማ ምይይጥ፡** ወለዲ/መዕበይቲ ድሕሪ እዚ ምይይጥ፡-

- ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ንምምዕባል ዝሕግዙ መንገድታት ይፈልጡ፡፡
- ተመክሮን ልምድን ካልኦት ወለዲ ይወስዱ/የቐስሙ፡፡

## ተግባራዊ ልምምድ፡ ዕዮ ጉጅለ (ሰላሳ ደቒቃ)

| **መሳለጥቲ** |
| --- |
| ህፃናት ኩሎም ክፍሊ ኣካል ሰውነቶም ተጠቒሞም ከባበኦም ክድህስሱን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ነገራት ባህሪኦም ክፈልዩ ክበረታትዑ ወይ ክሕገዙ ይግባእ፡፡ ወለዲ ህፃናት ካብ ዘተወለድሉ ዕለት ጀሚሮም ብምንቕቓሕን ብምፅዋትን መፃኢ ህይወት ህፃናት ምፅኢታውን ሕጉስን ምግባር ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ናይ ሎም ምይይጥ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ መንገድታት መማዕበልቲ ዕብየት ብስለት ኣእምሮ እድገት ማዳበሪያ ክንዛተ ኢና፡፡ ኣብ ታሪክ ህፃን አቤል ዘተኰረ ሓፂር ምይይጥ ነካይድ ኢና፡፡ ተሳተፍቲ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ብምምዳብ፣ ዝስዕቡ ክልተ ሕቶታት ከሰርራሑ ምግባር፣ ኩሎም ጉጅለታት ውፅኢት ምይይጦም ዝፅሕፍን ዘቕርብን ሰብ ክመርፁ ምግባር፣ |

**ኣቤል ሰሎሞንን**

ኣቤል ወዲ ኣርባዕተ ዓመት ቈልዓ እዩ፡፡ ኣቤል መፃወቲ ኣቝሑቱ ምእካብ ይፈቱ እዩ፡፡ ኣቦኡ ሰለሞን ምስ ኣቤል ዘሕልፎ ግዘ ብጣዕሚ የሐጉሶ እዩ፡፡ ሰለሞን ንኣቤል ኣቆለሚጡ ‹ኣቡሻ› እናበለ ይፅውዖ፡፡

ሰለሞን፡ ኣቡሻ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ምፅዋት ትደሊ ዲኻ?

አቤል፡ እወ!፡፡

ሰለሞን፡ ሕንቅል ሕንቅሊተይ

ኣቤል ፡ሰናቢ.ተይ

ሰለሞን፡ እግሪ የብለይን፣ ክብ እየ፣ ሰበት እንወቕዑኒ ይነጥር እየ፤ ብዙሓት ሰባት እዉን ይፈትዉኒ ፤ ኣነ መን እየ?

ሰለሞን፡ ዝተወሰኑ ደቒቓታት ንአቤል ተፀበዮ፤ ክምልስ ስለዘይክኣለ ቁሩብ ኣፋፍኖት ምሃብ ጀመረ፡፡

ሰለሞን፡ አቡሻ ትፈልጦ እኮ ኢኻ! ምስ ሃይለን ኣቦኡን ትፃወቶሉ እኮ እዩ!

አቤል ኣገፁ ብፍሽኽታ መሊኡ ፈሊጠዮ ኢሉ ዘለለ፡፡ ‹‹ጎማ እዩ እወ ዶ?›› በለ፡፡

ሰለሞን፡ ተቓሪብካ ኣለኻ፡፡ እስቲ ካሊእ ፈትን፡፡ ብቴሌቭዥን ሓሓሊፉ ንርእዮ እኮ እዩ፡፡

አቤል፡ ኩዕሶ እዩ ሓቀይ? እወ! ረኺበዮ ! ኣነ እኮ ንፉዕ እየ! ሓቀይ ዶ ኣያይ?

ሰለሞን ንኣቤልን እናስዓሞ ‹‹ንፉዕ እዚ ወደይ!››፡፡ ካሊእ ቅቕዕል ዶ?›› በሎ፡፡

**መሳለጥቲ**

*ታሪኽ ኣቤልና ኣቦኡን ዝስዕቡ ሕቶታት ዝተፅሓፎ ወቐት ንሕድሕድ ጠርነፍቲ ጉጅለ ሃብዎም፡፡*

*ጉጅለታት ብጠርነፍቶም ኣቢሎም ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ሕቶታት ኣብቲ ታሪኽ ተደሪኾም ክምልሱ ተዛረብዎም፡፡*

**ሕቶታት፡**

1. ርክብ ኣቤልን ሰለሞንን ከመይ ረኺብክምዎ?
2. ካብቲ ፀወታ ኣቤል እንታይ ይርባሕይመስለኩም?
3. ምስ ደቅኹም ሕንቅል ሕንቅሊተይ ትፃወቱ ዶ?

4. ምስ እዚ ታሪክ ዝቀራረብ ተጓንፎ ዘለዎ ወለዲ/መዕበይቲ እንተልዩ እቲ ፀወታ የቕርቡልና፡፡

## 5. ሓበራዊ ምይይጥ፡

**መሳለጥቲ**

ሕድሕድ ጉጅለ ዝተመያየጥሉ ሓሳብ ብዝመረፅዎም መራሕቲ ጉጅለ ኣቢሎም ሓሳቦም ኣብ ውሽጢ 5 ደቒቓ ከቕርቡ ይግብኦም፡፡ ዝቐርቡ ሓሳባት ብኣብነት ክድገፉ ኣለዎም፡፡ ድሕሪ ገለፃ ኣባላት እቲ ጉጅለ ይኹኑ ኣባላት ካልኦት ጉጅለ ሕቶን ሪኢቶን እንተልይዎም ከቕርቡ ዕድል ምሃብን ምብርትታዕን፡፡ መሳለጥቲ ኣብ ዝቀቡ ገለፃታትን ዝተውሃቡ ሪኢቶታትን ግብረ መልሲ ወይ እርማት ዘድልዩ እንተልዩ እርማት ምሃብ የድሊ፡፡ እዚ ንምግባር ድማ ቀዲምካ ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ፅሑፍ ምንባብ የድሊ፡፡

## ተፍተሽ (ክለሳ)፡ (ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**

ንተፍተሽ ዝቐርቡ ሕቶታት ተሳተፍቲ ኣብቲ ውዕልኦም እንታይ ከምዝተምሃሩ ንምግምጋም ዝቀርቡ እንበር ፈተና ዘይምዃኖም ወለዲ ክግለፀሎም ይግባእ፡፡ ክልተ ተሳተፍቲ ፍቓደኛታት ኣብ እዋን ምይይጥ ዝተልዓሉ ሓሳባት እሕፅር ኣቢሎም ከዘኻኽሩ ሕተቱ፡፡ ኣብቲ ዝቐረበ መዘኻኸሪ መሳለጥቲ ሓሳብ መጠቓለሊ ይሃቡ፡፡

## ቁልፊ መልእኽትታት(ሓሙሽተ ደቒቓ)

**መሳለጥቲ**
ቁልፊ መልእኽትታት የንብብሎም፡፡

- ህፃናት ከባቢኦም ንክድህስሱ መእንታን ኣብ ዙርየኦም ዘሎ ነገራት ምርግጋፅ (በለሕቲ ነገራት እንተልዮም ምውጋድ፣ ስልክታት ኤሌክትሪክ ብዝግባእ ምልዓል)
- ድልየት ህፃናት ዘነቓቕሑ ናውትታት ምሃብ (ካዳታት ፕላስቲክ፣ መኸደኒኦምን ካልኦትን)፡፡ ዘቕርብዎም ናውትታት ዝተፈላለየ ዓይነት ልስለሰ ሕብሪ፣ ቕርፅን

መጠንን ዘለዎም፣ ከምኡውን ህፃናት ባዕሎም ክፈልይዎምን ክርእይዎምን ምእንታን ናብ ሓደ ገፊሕ መአከቢ ናውቲ ምእታው፣

- ህፃናት በቢ መዓልቲ ዝፍፅምዎም ተግባራት ንኘብየት ብስለት ኣእምሮ ዝሕግዝ ምኳኑ ምርግጋፅ፣
- ምስ ህፃናት ዝተፈላለዩ ዓይነት ፀወታታት ምፅዋት፣
- ህፃናቱ ዘለዉሉ ብርኪ ዕድመ ምግምጋምን ኣድላየ ዘበለ ሓገዝ ምግባርን፣
- ምስ ህፃናት ብምኳን ፀወታ መሲልካ ምፅዋት፣ ምፅዋት ከምኡውንነቲ ፀወታ ዝሕግዙ ናውትታት ምቅራብ፣ ማለት ናውቲ መኣዲ፣ ኣልባሳት/ክዳውንትን ካልኦትን፣

## መጠቓለልን ዕዮ ገዛን (ኣርባዕተ ደቒቓ)

| |
|---|
| **መሳለጥቲ** |
| ኣብዚ እዋን ምይይጥ ወለዲ ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ብስለት ንምምዕባል ዝሕግዙ ተግባራትን ግደ ወለድን ዝምልከት ከምዝተመያየጡ ምዝኽኻር፡፡ ካብቲ ምይይጥ ዝረኸብዎም ጠቀምቲ ሓሳባት ንጕራብቶምን መሳርሕቶምን ክካፍሉ ከምዘለዎም ምዝራብ፡፡ ብምቕፃል ኣብ ገዛን ከባቢኦምን ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ንምምዕባል ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ናውትታት ምህላዮም ብምርግጋፅ፣ ዝቕፅል ግዘ ፀብፃብ ከቕርቡ ከምዝግብኦም ምዝራብ፡፡ |
| ኣብ መወዳእታ ተሳተስቲ ኣብ ውዕሎኦም ንዝነበሮም ተሳትፎ ብምምስጋን ዕለታዊ ትምህርቲ ምዝዛም፡፡ |

## መዘክር መሳለጥቲ

| |
|---|
| **መሳለጥቲ** |
| ኣብ መወዳእታ እዚ ምይይጥ ተሳተፍቲ ንምይይጥ ዝገብርዎ ምድላውን ኣብ እዋን ምይይጥ ጉልህ ኢሎም ዝወፅኡ ሓሳባት ኣብቲ ምዕራፍ ክካተቱ ወይ ክድገሙ ዝግብኦም ፍረ ሓሳባት መዝገብካ ምትሓዝ፡፡ እዞም ፍረ ሓሳባት እዚ ሰነድ ንቕድሚት ኣብ ምምሕያሽ ልዑል ግደ ስለዘለዎም ትኹረት ሂብካ ምፅሓፍ የድሊ፡፡ |
| ------------------------------------------------------------------------------------------------------------ |
| ------------------------------------------------------------------------------------------------------------ |

## ንመሳለጥቲ ዝቐረበ ተወሳኺ ሓበሬታ

### ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ከመይ ምድጋፍ ይከኣል?

ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ደረጃ ብደረጃ ዝምዕብል እንበር ብሓደ ግዘ/ብሃንደበት ዝምዕብል ክስተት ኣይኮነን፡፡ ድጋፍ ወለዲ/መዕበይቲ ኣብ ምምዕባል ብስለት ኣእምሮ ህፃናት ልዑል ግደ ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ወለዲ ህፃናት ብፀወታን ብዘሓጉስ መልክዑን ምድጋፍ ይግብኦም፡፡ ምኽንያቱ ህፃናት ንነገራት ብምዝንጋፅን ብፀወታን ብዝበለፀ መልክዑ ስለዝርድኡ እዩ፡፡ እዚ ዕብየት ካብ ማህፃን ኣደ ጀሚሩ ብዘይ ምቁርራፅ ዝካየድ እዩ፡፡፡

### ወለዲ/መዕበይቲ ንህፃናት ከመይ ምሕጋዝ ይኽእሉ?

ወለዲ ወይ መዕበይቲ ህፃናት ብዕድሚኦም ክበፅሕዎ ዝግባእ ብርኪ ምብፀሑም ብዝግባእ ክከታተሉ ይግባእ፡፡ ከምዚ ምግባርራ ነቶም ህፃናት ብቐሊሉ ንምድጋፍ ይሕግዝ እዩ፡፡ ህፃናት ምስቲ ዘለውሉ ብርኪ ዕድመ ንምንፅፃር ክበፅሕዎ ዝግባእ ብቕዓት ከምዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡

**ቀዳማይ ወርሒ**

- እንትጠምዮም ወይ ምቾት እንትስእኑ ይበኽዩ፣
- ልዑል ድምፂ እንትሰምዑ ይድንግፁ፣
- ንዓበይትን ድሙቃትን ናውቲ ትኩር ኢሎም ይርእዩ፡፡

**ካልኣይ ወርሒ**

- ዝተፈላለዩ ድምፅታት ምውፃእ፣
- ዝለመድዎም ሓደ ወይ ክልተ ነገራት ምፍላይ (ገፅ ወለዲቶም)
- ከባቢኦም ምርኣይ ብፍላይ ድሙቃትን ዓባይትን ነገራት፣

**ሳልሳይ ወርሒ**

- ብዉሱን መልክዑ እንትነኻኽኡ፣ ብዓይኒ እንትነፃውቶም ድምፂ ምውፃእ፣
- ዝተፈላለዩ ድምፅታት ብምውፃእ ንዓርራሶም ንምግላፅ ምፍታን፣
- ዝተፈላለየ ድሌታቶም ንምግላፅ፣ ዝተፈለለየ ዓይነት ብኽያት ምብካይ፣
- ዝለመድዎ ገፅ ካብ ዉሱን ሕቑት ምፍላይ ምጅማር፣

**ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ወራሒ**

- ንሰባት ወይ ባንቡላታት እንትርራእዩ ድምፂ ምውፃእ፣
- ድምፅ ዝመፅአሉ ኣንፈት ንምፍላጥ እርራሶም ንምዛር ምፍታን
- ሰባት እንትዛረቡ ከናፍሮም ምርኣይ፣ ድምፆም ምስማዕ፣ ካብኡ ንምፍታን ፃዕሪ ምግባር፣
- ካብ ሑቕ ዝስማዕ ድምፂ ኣንፈት ምፍላይን ርእሶም ምዛርራን፣
- ትኹረትን ንምስሓብ ምብካይ፣
- ትርጉም ኣልባ ድምፅታት ምውፃእን ንምዝራብ ምፍታንን
- ሓደሽቲ ድምፅታት ዝመፅእሉ ኣንፈት ምርኣይ፣
- ብዓይኖም ዝንቀሳቐስ ነገር ምክትታል፣

**ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ዓሰርተ ክልተ ኣዋርራሕ**

- ባ ባ ባ . . . ዳ ዳ ዳ . . . ጋ ጋ ጋ ዝብሉ ተመሳሰልቲ ድምፅታት ብተደጋጋሚ ምውፃእ፣
- ቀልልቲ ትእዛዛት ምርዳእ ንኣብነት፡- ቓው ቓው
- ዝተሓብኡ ባንቡላታት ምድላይ፣
- ፍልፍል ድምፂ ንምፍላጥ ምዛር፣
- ሓፀርራቲ ሕቶታት ምርዳእ፣ ንኣብነት ንዓ/ዒ ሓዘኒ/ሓዝኒ
- ኣምሲልካ ሓደ ሓደ ምንቅስቓስ ምስርራሕ፣ ንኣብነት፡- ምላሓስ ምውፃእ
- ብወለዲ/መዕበይቲ ዝዝረ ሓደ ሓደ ድምፅታት ንምምሳል ምፍታን፣

**ካብ ዓሰርተ ሰለስተ ክሳብ ዓሰርተ ሸሞንተ ኣዋርሕ**

- ግልፂ ዘይኰኑ ቃላት ምዝራብ (ኣብ ዓሰርተ ሓሙሽተ ወርሖም እንተኒኢሱ ክልተ ቃላት ፣ ኣብ ዓመትን መንፍቕን ሓሙሽተን ልዕሊኡን ቃላት ይዛረቡ)
- ካብ ሰለስተ ዘይንእሱ ክፍሊ ኣካል ሰውነት ይፈልዩ፣
- ንነገራት ንምርኣይ ምጥቋም ምኽኣል፣ ንኣብነት፡- ኣብ ልዕሊ መፃሕፍቲ ስእልታት፣

**ካብ ዓሰተ ትሽዓንተ ክሳብ ሰላሳን ሽዱሽተን ኣዋርራሕ**

- ብተደጋጋሚ ‹መን፣ እንታይ፣ ኣበይ› ዝብሉ ሕቶታት ምሕታት፣
- ውሑድ ቃላት ዘለዎም ምሉእ ሓሳባት ምድጋም፣
- ተመሳሰልቲ ስእልታትን ናውትታትን ምዝማድ፣ ከምኡውን ፍሉይ ዝኾነ ምውፃእ፣
- ቅርፂ ነገራት ‹ዓብዪ›፣ ‹ንኡሽተን›ና ‹ኣዝዩ ንኡሽተን› እናበሉ ምግላፅ ይኽእሉ፣

**ካብ ሰለስተ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመት**

- መፅሕፍን ብምርኣይ ምሕንስ፣ ብቀለልቲ ዛንታታትን መዝሙራትን ምሕንስ፣
- ኣብ መሲልካ ፀወታ ምስታፍ፣ ንኣብነት፡- ሕሙምን ሓኪምን፣ ዓዳግን ሸያጥን ኰይንኻ ምስርራሕ፣
- ናውትታት ብሕብሮም ምፍላይ፣

**ካብ ኣርራባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ  አመት**

- ተኃንፎታትካ ምውጋዕ/ምዝራብ፣
- ኣብ ማዕለታው ዝርርቦም ካብ ሓደሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ቃላት ንላዕሊ ምጥቃም፣
- ቀደም ስዓብ ቁፅርታት ምርዳእ፣
- ፀወታ ምዝማድ ምፍታው፣

እዚ ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ኣብ ኩሎም ህፃናት ብማዕረ ይርራእ/ይንፀባኞ/ ንምባል የፀግም እዩ፡፡ ኩሎም ህፃናት ብናይ ባዕሎም መንገዲ ንነገራት ዝመሃሩን ዝተፈለየ ድልየት ዘለዎምን እዮም፡፡ ሓደ ሓደ ህፃናት ካብ ካልኦት ብዝሓሸ ቀዲሞም ብዙሕ ነገር ክፈልጡ ይኽእሉ፡፡ ካልኦት ድማ ንውሕ ዝበለ ግዘ ይወስደሎም ይኸውን፡፡ ወለዲ/መዕበይቲ ምሰተ ዝርከብሉ ክሊ ዕድመ እንትነፃር ዘድሊ ድጋፍን ሓገዝን ክንገብረሎም ይግባእ፡፡

ካብ ውልደት ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈቓን  ዘለዉ ህፃናት ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ንምብርትታዕ ኣካላት ስምዒቶም ምጥቃም ግድን ይኸውን፡፡

ካብ ሓደ ዓመትን መንፍቕን ክሳብ ሽውዓተ ዓመት ዘለዉ ህፃናት ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ንምምዕባል ብዙሓት ተግባራት ምፍፃም ይደሉ፡፡ ፀወታ ንዕብየት ብስለት ኣእምሮ ብጣዕሚ ወሳኒ ናውቲ እዩ፡፡ ወለዲ/መዕበይቲ ነባር ፀወታታትን መዝሙራትን ካብ ምጥቃም ንላዕሊ ጠቀምቲ እዮም ኢሎም ዝሓስብዎም ዝተፈላለዩ ፀወታታት ብምፍጣር ዕብየት ብስለት ኣእምሮ ደቅኹም ክትድግፉ ይግባእ፡፡ ህፃናት ምሉእ መዓልቲ ኣብ ሓደ ዓይነት ፀወታ ተገዲቦም ክውዕሉ ኣይግባእን፡፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ፀወታታት ብፍላይ

ፍለሉይ ትኹረት ዝሓቱ፣ ሕብርታት፣ ቅርፅታት፣ መጠንን ክብደትን ዝፈልይሉ፣ ክእለት ምዝካሮም ዝፍትሸሉ፣ ክእለት ምግባጦም ዘዕብይሉ፣ ክእለት ምፍታሕ ፀገሞም ዘዕብይሉ፣ ካልኦት መምህሪ ዝኾኑ ነገራት ብምውሳኽ ውዕለኦም ትርጉም ዘለዎ ክኸውን ምግባር ይግባእ፡፡

ህፃናት ኣብ መንጎ ነገራት ዘሎ ኣፈላላይ (ብቕዒፅ፣ ብሕብሪ፣ ብቁመት፣ ብመጠን) ክፈልዩ እንታይ ምግበር የድሊ?

- ስእልታትን ዝተፈላለዩ ቑመት ዘለዎም ሽንጣራት ብቑመቶም ብምውድዳር ምርኣይ፣
- ዝተድቦልበለ መጣኽ/ጭቃ ተጠቒምካ ዝተፈላለዩ ቅርፅታት ብዝተፈለየ መጠን ከዳልዉ ምልምማድ
- ካብ ገዛ ወፃኢ ዘለዉ ናውትታት ምስ ህፃናት ብምኺን ብሕብሮም ወይ ብቁመቶም ፈሊኻ ብምውፃእ ከምዝመሳሰሉ ምዝርራብ፣
- ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎምኣእማን ተጠቒምካ ብዛዕባ ዓብይን ንኡሽተንን ብሓባር ምልምማድ፣
- ኣናእሽተን ፀፀራት፣ ዓልቋይ/ዓተር ኣፃብዕቲ ኢ.ድ ብምጥቃም ቁፅርታት ምቁፃር፣
- ህፃናት መዓልታዊ ተግባሮም ምፍፃም ክኽእሉ ንምሕጋዝ ምልምማድ ግቡእ እዩ፡፡ ማለት ዝጉደለ ሻሃይ ብኩባያ ሒዞም ክኸዱ ምግባር፣ ኢድኩም፣ እግርኹምን ነብስኹምን ኣብ ትሕፀብሉ እዋን ኣብ ጥቃኹም ኰይኖም ክርእዩ ምግባር፣ ከምእዉን ክዳውንቶም ባዕሎም ክኽደኑ ምብርትታዕን ኣድላዪ ኰይኑ እንትረኽብዎ ጥርራሕ ምሕጋዝ፡፡

ፈለማ ህፃናት ኣብ ምንጎ ነገራት ዘሎ ኣፈላላይ ንምፍላጥ ክፅገሙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ይኹን እንበርራ ብተደጋጋሚ ምስ ህፃናት ሓቢርና ብምልምማድን ብምስርራሕን ናብ ዝሓሸ ደረጃ ምብፃሕ ይክኣል እዩ፡፡

## ህፃናት ስእልታት ከመይ ክርድኡ ይኽእሉ?

ህፃናት ኣብ መፃሕፍን ከባቢኦምን ዝርከቡ ስእልታት ምርዳእ ክኽእሉ ወለዲ ሓገዝ ክገብርሎም ይግባእ፡፡ ናብ ቀፀሪ ገዛ ዝርራከቡ ዕንበባታት ብምውሳድ እናፀዋትካ ስእልን ዕንበባን ክርእዩ ክላለዩ ብምግባር፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መፃሕፍቲ ዝርራከቡ ስእልታት ብምጥቃም ዛንታ እናዘንቶኻ ብምሕታት ክርድእዎ/ክፈልይዎ ሓገዝ ምግባር ይግባእ፡፡

ኣብ ከባቢና ዝርራከቡ ተኽልታት፣ ኣብ ገዛ፣ ኣብ መፃሕፍቲ፣ ኣብ ጋዜጣ ዝርከቡ ስእልታት ብምጥቃም ሕብርታትን ቅርፅታትን ብምርኣይ ንሕፃናት ምልላይ ይክኣል፡፡

## ህፃናት ኣፅንቶምን ኢዶምን ኣዋዲዶም ክጥቀሙ ከመይ ምሕጋዝ ይክኣል?

ህፃናት ኣዕንቶም፣ ኣእዛኖምን ኣእዳዎምን ተጠቒሞም ብዝበለፀ ይምሃሩ፡፡ ስለዚ ምውዳድ ዓይንን ኢድን እዚ ከይዲ ምምሃር ብዝሐሸ መንገዲ የሳልጥዎ፡፡ ወለዲ/መዕበይቲ እዚ ከይዲ ምውዳድ ኢድን ዓይንን ህፃናት እርሳስን/እስክርቢቶን ብምሃብ ኣብ ልዕሊ ወረቐት ክፀሓትሩ ብምግባር ምምዕባል ይክኣል፡፡ ጐቲም ዕንፀይቲ ብምሃብ ኣብ መሬት ክዕሕትሩ ብምግባርራ ምውዳድ ኢድን ዓይንን ምምዕባል ይክኣል፡፡ ኣብ ወረቐት ወይ ኣብ መሬት ዘለዉ ነጠብጣባት ከርራኽቡ ብምግባር ክቢ፣ ስሉስን ርቡዕን ኩርናዕ ብምስርራሕ ምውዳድ ኢድን ዓይንን ብዝሐሸ መልክዑ ምምዕባል ይክኣል እዩ፡፡ እቲ ካሊእ መንገዲ ድማ መጣቕ/ጭቃ ብምጥቃም ዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፅታት ምስራሕ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ህፃናት ምስ ወለዲ ዝተወሰነ መምህሪ ክፍሊ ምብርራትታዕ ተደላዪ ምውዳድ ኢድን ዓይንን ምምዕባል ይክኣል፡፡

## ክእለት ምሕሳብን ምንቕቓሕን ህፃናት ንምምዕባል ክግበር ዝግብኦ

ፀወታ ሕንቅል ሕንቅሊተይ በባህሪኡ ብዙሕ ምሕሳብ ዝሓትት ከምኡውን ዝተፀንዐ ግምት ንምሃብ ዘበረታትዕ እዩ፡፡ ህፃናትን ንዕድሚኦም ዝምጥን ዝተፈላለዩ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ፀወታታት ብምፅዋት ካብ ዝቐረበሎም ኣንፈታት ተላዒሎም ዝተቐራረበ ግምት ክቕርቡ ምብርትታዕ፡፡ ዝቐርራቡ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ካብ ዝፈልጥዎም ክጅምሩ ምግባር፣ ህፃናት ምድንጋር ምልክት እንተርዮም ፍንጢ ብምሃብ ብዝሐሸ መንገዲ ክሓስቡን ክምልሱን ምግባርራ የድሊ፡፡ እዚ ኹሉ ተገይሩ ህፃናት መልሲ ክህቡ ተዘይ ክኢሎም መልሲ ተዛሪብካ ካሊእ ሕቶ ብምሕታት ክምልሱ ምግባር የድሊ እዩ፡፡ እቶም ዝቐርራቡ ሕንቅልሕንቅሊተይ ልሙዳትን ንዕብየት ብስለት ኣእምሮ ዘነቓቕሑን ክኾኑ ይግባእ፡፡

## ክእለት ምዝካ ንምዕባይ ክስርሑ ዝግብኦም ነገራት

ህፃናት ዝተላለይዎም ነገራት ንምዝካር ክስልጥኑ ይግብኦም፡፡ ክእለት ምዝካር ነገራት ንምምሃርን ዕብየት ብስልት ኣእምሮ ንምዕባይ ወሳኒ መሳርሒ እዩ፡፡

ህፃናት ተመሳሳሊ ዝኾኑ ፀወታታት ብተደጋጋሚ ምፅዋት፡፡ ብምቕፃል ብዛዕባ እቲ ፀወታ ፈለማ መን ጀሚሩ? እዚ ዝገበረ መን እዩ? ኣነ እዚ እንተገብር ንስኻ/ንስኺ እንታይ ትገብር/ትገብር? ዝኣመሰሉ ሕቶታት ምሕታት፣

ቅድም ኢሎም ዝተፈፀሙ ተግባራት ንምዝካር ውድድር ምክያድ፤ ንኣብነት፡- ትማሊ ምስሖም እንታይ ከምዝበልዑ? እንታይ ዓይነት ክዳን ከምዝተኸደኑ? ናበይ ከምዝኸዱን? ካልኦት ሕቶታት ምሕታት ይክኣል፡፡

## ዓቕሚ ትኹረት ንምዕባይ ክግበርራ ዝግብኦ ነገራት

ኣብ ወረቐት መስመር ብምስማርን ብትኽክል ብመቐስ ምቑራፅ፡፡ እዚ ተግባር ህፃናት እናርአዩ ደጋጊሞም ክፍፅምዎ ምግባር፡፡ ብምቕፃል ህፃናት ኣብ ወረቐት መስመር አስሚሮም ብጥንቃቐ ብመቐስ ክቖርፁ ምግባር፡፡

ጠርዚ ጠረጴዛ እናተኸተሉ ባለንጓ/ዓተር ወይ ኣናእሽተን ፀፀራት ብምድርራር ህፃናት ክርእይዎ ምግባር፡፡ ብምቕፃል ህፃናት እዚ ተግባር ክፍፅሙ ምብርትታዕ፡፡

ክልተ መሓዙት ስሞም ምዝራብ፡፡ ህፃናት ዝተዘረቦም ስም መሊሶም ክደግሙ ምሕታት፡፡

ምስ ደቆም ብምዃን መርሀ ግብሪ ህፃናት ብምክትታል ብቲ ግዘ ተመሓላሊፉ ዝነበረ ጉዳይ መሊሶም ክዛረቡ ምብርትታዕ፡፡

> **መሳለጢ**
>
> ንወለዲ ተወሳኺ ኣማራፂ ንምሃብ ካልኦት ጠቀምቲ ተግባራት ንጥቆማ ዝኣክል ቀፂሎም ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡ ያንብብሎም፡፡

- ንፃናት ምችዋትን ንድሕንነቶም ምችው ከባብን ምፍጣር (መድሓኒታት ምርሓቕ፣ ሓደጋ ዘብፅሑ ነገራት ምእላይ፣ ዘተልሓፁ ኤሌክትሪክ ገመዳት ምዕሻግን ምሓቕን. . . )
- ስሓብትን ሓደጋ ዘየቃልዑን መፃወቲ ናውትታት ንህፃናት ምሃብ፣ ብፍላይ ዝተፈላለዩ ሕብርታት፣ ዓቐን፣ ቑመትን ቅርፅን ዘለዎም ተኸይኖም ረብሓኦም ልዑል ይኸውን፡፡
- ህፃናት ከባቢኦም ዝድህስሱ ምብርትታዕ፣ ሓደሽቲ ነገራት ኣብዝረኸብሉን ኣብዝፍትንሉን እዋን ምድናቕን ምሕታቶምን ኣይዘንግዑ፡፡
- ህፃናት ብትኹረት ብምክትታል ድሌቶም ምፍላይን ከምድልየቶም ብዝተረኸበ ዓቐን መፃወቲ ናውትታት ምምላእ፣
- ምስ ህፃናት ኣዘውቲርካ ምውጋዕ/ምዝራብ፡፡ ዋላ እኳ ህፃናት ምውጋዕ/ምዝራብ ኣይኽኣሉ ምስኣቶም ምዝርራብ ከይዲ ዝርርብ ህፃናት ይምሃርሉ እዮም፡፡
- በቢ መዓልቱ ዝጥቀምሎም ናውትታት ረብሓኦምን ኣሰራርሓኦምን ንህፃናት ብምግላፅ ናይ ፍልጠት ኣድማሶም የስፍሕሎም፡፡
- ዝተፈላለዩ ፀወታታት ሓቢካ ምፅዋት

- ህፃናት ቴሌቪዥን ካብ ምርኣይ ምስ ዓበይቲ ሰባትን ናውትታትን ክፃወቱ ብምግባር ኩለመዳይ ዕብየት ከማዕብሉ ዕድል ምሃብ ይምረፅ፡፡ ብፍላይ ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ዘለዉ ህፃውንቲ ንንውሕ ዝበለ ግዘ ቴሌቪዥን ክርእዩ ኣይምከርን፡፡
- ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ ህፃናት ናውትታት መሲልካ ምፅዋት (ናውቲ እንዳ መኣዲ/ክሽነ ፣ አልባሳት፣ ወዘተ) ምቕራብ፣
- ህፃናት ካብ ገዛ ወፃኢ ሕዝካ ብምውፃእ ኣብ መንገዲ ዝርእይዎም ነገራት ገለፃ ምግባር፣
- ቅደም ስዓብ ዘለዎም ተግባራት ምስ ደቅኹም ብሓባር ብምስራሕ ምኽንያተዊ ዝኾነ ዓቕሚ ምግማት ከዕብዩ ምድጋፍን ምሕጋዝን የድሊ፡፡